Tewahdo.org cyber ministry



**ናይ ዕለቱ ምንባባት ወንጌልን ምስባክን (ዘመነ ስብከት፡- ካብ ታሕሳስ ፯ - ፳፯ ግእዝ)**

**1ይ ዲያቆን:-** እብራ 13፧16 - 25 (Hebrew)
**2ይ ዲያቆን:-** 1ይ ጴጥ 2፧ 21-25 (1 Peter)
**2ይ ካህን:-** ግብ 11፡22-30 (Acts)
**1ይ ካህን:-** ዮሃ 1፡1-22 (John)
**መዝሙር፡-**ኖላዊሆሙ ለእስራኤል ኣጽምዕ፤ ዘይርዕዮሙ ከመ ኣባግዐ ዮሴፍ፤ ዘይነብር ዲበኪሩቤል ኣስተርኣየ።

**ቅዳሴ፡-** ቅ. እግዚእ (ንኣኲተከ)
***ያሬዳዊ መዝሙር፤-*** ኖላዊ ዘመጽአ ውስተ ዓለም (ናብ ዓለም ዝመጸ ጓሳ)
ኦ ጓሳ እስራኤል ጽን በለና፤ ኣታ ንህዝብኻ፡ ንደቂ ዮሴፍ፡ ከም መጓሰ እትመርሓና፡ ኣታ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል እትቕመጥ። መዝ 80፡1

# ኢየሱስ ክርስቶስ ጓሳና "ክርስቶስ ኖላዊነ"

"ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ፡ እቲ ሕያዋይ ጓሳ ሕይወቱ በጃ ኣባጊዑ ኣሕሊፉ ይህብ። እቲ ጓሳ ዘይኮነ ብዓል ዓስቢ ግና፡ እተን ኣባጊዕ ዘይጥሪቱ ስለ ዝኾና ተኹላ ኪመጽእ እንተ ረኣየ፡ ነተን ኣባጊዕ ሓዲጉወን ይሃድም፡ እቲ ተኹላ ድማ ነተን ኣባጊዕ ይዘርፈን ፋሕውን የብለን። ብዓል ዓስቢ ስለዝኾነ ይሃድም፡ ግዲ እተን ኣባጊዕውን የብሉን።… ኣቦ ነኣይ ከምዝፈልጠኒ ኣነውን ከምዝፈልጦ፡ ነባጊዐይ እፈልጠን እየ፤ እተን ኣባጊዐይ ከኣ ይፈልጣኒ እየን ንሕይወተይውን በጃ ኣባጊዐይ አሕልፉ።" ዮሃ 10፡1-15 ዝበለ ጎይታ፡ እሙን ሓላዊ ቤተክርስትያን ንሱ እዩ። ክርስቶስ ከምቲ ነፍሱ ዝፈቱ ጓሳ፡ ኣብ ክንዲ ኣባጊዑ ናብ ልሙዕ ሻኻን ጽሩይ ማይን ኣብ ክንዲ ዝመርሕ፡ ሓሓሪዱ ዝበልዐን ሕሱም ጓሳውን ኣይኮነን። ክርስቶስ ከምቶም ግዲ እተን ድኹማትን ዝሓመማን ኣባጊዕ ዘይብሎም፤ እተን ምሳኪን በተን ሕሱማት ኣባጊዕ እንዳተወግኣን እንዳቆሰላን፡ እንከለዋ ምግበንን ማየንን እንዳተዘርገ ከሎ እንታይ ገደሰኒ ከምዝብሉ ዕሱባት ጓሶትውን ኣይኮነን። ከምቶም ኣብ ናይ ክብሪ ወንበር ኮፍ ምባል ዝፈትዉ፡ ክደኽሙን ክጽዕሩን ግን ዘይደልዩ፡ ዝኾብለላን ዝርሓቓን ኣባጊዕ ብዝወጽኦ እንተጠፍኣ ቅጭጭ ዘይብሎም ሕሱማት ጓሶት ኣይኮነን ክርስቶስ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ንማዕርጎም ዘጽርፉ ጓሶት፡ ኣባጊዕ ብቶኸላ እንዳተመንጠላ ግደን ኣይገብሩን ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቶም ዝኸፍኡ ካብኦም ዝተኣከበ ዝብትኑውን ኣሎዉ። ክርስቶስ ግን እታ ክብርቲ ህይወቱ እኳ በጃ ኣባጊዑ የሕሊፉ ዝሃበ እሙን ጓሳና እዩ። እቶም ንሱ ዝሾሞም ናይ ብሓቂ ተኸተልቱ ድማ ኣሰሩ ይስዕቡ እምበር ኣብ መጓሰ ኣምላኽ ኣይዕምጹን እዮም።

ጎይታ ኣብ መጓሴኡ ዘለዎ ባህጊ ብኸምዚ ይገልጸ "ካባኻትኩምከ እቲ ሚእቲ ኣባጊዕ ዘለዋኦ እሞ፡ ካብኣተን ሓንቲ እንተ ጠፍኣቶ፡ ነተን ተስዓን ትሽዓተን ኣብ በረኻ ዘይሓድግ፡ ክሳዕ ዚረኽባውን ዝጠፍአት ኪደሊ ዘይከይድ እንታዋይ ሰብ እዩ? ምስ ረኸባ ኸኣ ተሓጒሱ ኣብ መንኩቡ ይሕንግራ። ናብ ቤቱ ምስ ተመልሰ ድማ ነዕርኹን ንጎረባብቱን ብሓደ ጸዊዑ 'ነታ ዝጠፍአት ብጊዐይ ረኺበያ እየ እሞ ምሳይ ተሓጎሱ' ይብሎም። ከምኡ ኸኣ ንስሓ ካብ ዘይደልዩ ተስዓን ትሽዓተን ጻድቃን፡ ብሓደ ዚንሳሕ ሓጥእ ኣብ ሰማይ ሓጎስ ኪኸውን እዩ።" ሉቃ 15፡3-7።

ክርስቶስ ኣባጊዑ ኪእከባን ናብ ቤተን ብንስሓ ኪምለሳን ከሎ ኣዝዩ ይሕጎስ፡ ሰራዊት ሰማይ ከኣ ኩሎም ይሕጎሱን ይፍስሁን። ዘይታኸስን እሙንን ጓሳ ቤተክርስትያን መድኃኔ ዓለም'ዩ ክንብል ከሎና እምበኣር ንጥፉኣት ብዝጠፍእዎ ክተርፉ ሸለል ዘይብል፡ ከም በደልና ዘይኮነስ ከም መጠን'ቲ ሰፊሕ ምሕረቱ ዝርሕርሓልና፡ ካብ ዝኣተናዮ ዓዘቕቲ እሙናት ልኡኻቱ እንዳሰደደ ዘውጽኣና፡ ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ ናብ ቤቱ ሓንጊሩ ዘእትወና፡ ዳግማይ ተስፋን ሕዳሴን ሂቡ፡ ከምእንደገና ህያው ኣካላት ሰብነቱ (ቤተክርስትያን) ዝገብረና ኣምላኽ ብሓቂ ሕያዋይ ጓሳ እዩ።

ንጉስ ዳዊት ሓደ ካብቶም ኣብ ጉስነት ኣባጊዕ ነዊሕ ተሞክሮ ዝነበሮ እሙን ብዓል ሕድሪ እዩ ኔሩ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ክንዲ ኣባጊዑ ምስ ኣንበሳ (ምስቲ ዝበርትዐ ተጻባኢ)

ተቓሊሱ ዝተዓወተ ነበረ “ዳዊት ከኣ ንሳኡል “ኣነ ጊልያኻ ኣባጊዕ ኣቦይ እጓሲ ነበርኩ፥ ኣንበሳ ወይ ድቢ ካብቲ መጓሰ ሓንቲ በጊዕ ምስ ወሰደ፥ ኣነ ደድሒሬኡ ወጺአ እቐትሎ፥ ካብ ኣፉውን ኣግድፎ ነበርኩ።...” 1 ሳሙ 17፡34-35። ንጉስ ዳዊት፡ ትርጉም ጉስነት ብደንቢ ዝርዳእ ቅዱስ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ብወገኑ ኣብ ህይወቱ ብዙሕ መከራ እኳ እንተተጓነፎ፡ ኣብ ኩሉ ኩነታት፡ ጉስነት እግዚኣብሔር ከምዘይተፈለዮ ብመዝሙሩ ከምዚ እናበለ ይገልጸ “እግዚኣብሔር ጓሳይየይ እዩ፥ ዝጎድለኒ የብለይን። ኣብ ልሙዕ ሻኻ የውዕለኒ ናብ ዝዓርፈሉ ማይ ይመርሓኒ።...” መዝ 23፡1-2።

ክቡራት ምእመናን ነፍሲ ወከፍና ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ዝገበረልና ከነዘንቱ ዕድል እንተዝውሃበና ብዛዕባ ጉስነት ኣምላኽ ብዙሕ ምመስከርና፤ ሎሚውን እግዚኣብሔር ኣይልወጥን እዩ፤ ንሱ ሕያዋይ ጓሳ ህይወቱ እኳ ከይበቐቐ ኣብ ክንዳና ዘሕለፈ እዩ እሞ ንብድሕሪ ሕጂውን ክሳብ ግዜ ሞትና ክጓስየና እዩ፡ እሙናቱ ባሮቱውን ኪሰደልና እዩ። ሓንትስ ንሕና ጥራይ እምነትና ነጽንዕ።

ርሑስ ልደት ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብሩኽን ሓድሽ ዓመትን ይግበረልና። ኣሜን።

ትርጉም፡ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፤ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።
ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።